# ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክግበር ጸዊዑ

## ቢቢሲ ዘቕረቦ ጸብጻብ

**ትርጕም፡- ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
24.05.2009

ኤርትራ፡ ንተቓወምቲ እስላማውያን ውድባት ኣብ ሶማል ንእትህቦ ዘላ ደገፋት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክገብር ሕብረት ኣፍሪቃ ጸዊዑ።

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ጻውዒት ኣንጻር ኣባል'ቲ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ክገብር ናይ መጀመርያ ግዜኡ ኢዩ። ኤርትራ፡ ነቲ ክሲ ብምንጻግ፡ ኣባልነታ ካብ'ቲ ሕብረት ከምዝሰሓበት ኣፍሊጣ ኣላ።

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ነቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ዝድግፍ 4000 ወተሃደራት ኣለዉዎ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ መንጎ መሰጋገሪ መንግስትን ተቓወምቱን ኣብ ሞቓዲሾ ኣብ እተኻየደ ናይ ክልተ መዓልቲ ውግእ፡ ክልተ ሶማላውያን ከምእተቐትሉን ብዙሓት ከኣ ከምዝቘሰሉን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር የረጋግጹ።

መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል፡ እቶም ተቓወምቲ ኣብ ሞቓድሾ ንዝሓዝዎ ቦታታት ንምምላስ ብዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዝፈነዎ መጥቃዕቲ 45 ሰባት ከምዝተቐትሉ እቲ ጸብጻብ ይሕብር።

ጻውዒት ንእገዳ

ማርቲን ፕላውት፡ ናይ ቢቢሲ ጋዜጠኛ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ከምዚ ዝኣመሰለ ስጕምቲ ኣብ ልዕሊ ኣባል ናይ'ቲ ሕብረት ዝኾነት ሃገር ክወስድ ናይ መጀመርያ ተመኩሮ ኢዩ ክብል ገሊጽዎ። እቲ ሕብረት፡ ንኣባላት ሃገራት ኣብ ምንቃፍ ቀ'ጢ'ብ ኰይኑ ይብል እቲ ጋዜጠኛ።

እቲ 53 ኣባላት ሃገራት ዘለውኦ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ "ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ ኵሎም'ቶም፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ካብ'ቲ ዞና ዝርከቡ ነቶም ዕጡቓት ተቓወምቲ ዝድግፉ ናይ ወጻኢ ሃገራት ተዋሳእቲ፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክገብር ኣለዎ" ይብል። ሕብረት ኣፍሪቃ ኣስዒቡ፡ ኣብ ሶማልያ ናይ ግዳም ተዋሳእቲ መታን ከይኣትዉ፡ ናይ ክሊ ኣየርን ናይ ወደባትን ምንቅስቓስ ክእገድ ኣለዎ ኢሉ።

ሕቡራት ሃገራት፡ ናብ'ታ ኣልሸባብን ሕዝቡ ኣልኢስላም ንምቕጽጻራ ዝዋግኡላ ዘለዉ ከተማ ሞቓዲሾ ዝውሕዝ ዘሎ ኣጽዋር ከምዘሻቐሎ ቅድም ክብል ገሊጹ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። ሽሕ'ኳ፡ ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ብሕቡራት ሃገራት እተነብረ ናይ ኣጽዋር ምእታው እገዳ እንተሃለወ፣ ኣብ ዕዳጋታት ሞቓዲሾ ብረት ብቐሊሉ ኢዩ ዝግዛእ።

ሚኒስተር ዜና ኤርትራ፡ ዓሊ ዓብዱ፡ ሕብረት ኣውሮጳ ስኒ ዘይብሉ ኣካል ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብውሳኔታት ናይ'ቲ ሕብረት ኣይሻቐልን ኢዩ ኢሉ። "እዚ ክሲ'ዚ ብኣመሪካ ተማሂዙ፡ ብሲ.ኣይ.ኣይ ዝዝርጋሕ ዘሎ ኰይኑ፣ ሕብረት ኣፍሪቃ ድማ ንዘውሓጥዎ ቃላት ጥራሕ'ዩ ዝደግም ዘሎ" ኢሉ። "ኣባልነትና ኣብ'ቲ ሕብረት ድማ ብሰሪ'ዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ኢና ስሒብና" ክብል ድማ ወሲኹ።

ጽዕጹዕ ውግእ

ኤርትራ፡ ነቶም እስላማውያን ተቓወምቲ መንግስቲ ሱዳን ደገፍ ከምዘይትህብ እኳ እንተገለጸት፣ መራሒ’ቶም ዓመጽቲ ዝኾነ ሸኽ ሓሰን ዳሕር ዓወስ ግን፡ ኤርትራ ከምእትድግፎም ደጋጊሙ ክዛረብ ጸኒሑ ኢዩ።

ምስ ሮይተርስ እተባህለ ማዕከን ዜና ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሓትት፡ “ኤርትራ ደጋፊትና፤ ኢትዮጵያ ከኣ ጸላኢትና። ንሕና፡ ንኽልቲኦም ንድገፈሉ ዝነበርና እዋን ነይሩ’ዩ፤ ኢትዮጵያ ግን፡ ሞሳና ረሲዓቶ፡ ኣይከሓሰትናን።

ሶማልያ ሎሚ፡ ከም ኣካል ናይ’ቲ ብሕቡራት ሃገራት ዝድገፍ ብጥሪ ዝተኻየደ ተበግሶ ናይ ሰላም ዝቖመ ናይ ሓባር መንግስቲ እተመርጸ፡ ሸኽ ሸሪፍ ሸኽ ኣሕመድ እተባህለ ልዙብ እስላማዊ ፕረሲደንት ኣለዋ።

ኣብ’ዚ ቀረባ እዋን ግን፡ ተቓወምቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ዝኾኑ እስላማውያን ንመብዛሕታኡ ከባቢ ናይ ደቡብ ሶማል ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሮም ኣእትዮሞ ኣለዉ። ከምኡ ውን፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ መሰጋገሪ መንግስቲ ዝቈጻጸሮ ካብ ዝነበረ ቦታታት ኣብ ሞቓድሾ ሓደ-ሲሶ ዝኸውን፡ ኣብ ቍጽጽር ናይ’ቶም ተቓወምቲ ኣትዩ ኣሎ። ሶማልያ፡ ን18 ዓመታት ኣብ ሕድሕፍ ኵናት ተሸሚማ ትርከብ ሃገር ኢያ።




